**"ንሕና ንላዕሊ ክንድይብ ንስኹም ንቑልቁል ክትወርዱ ክንራኸብ ኢና"**

ተዘክሮታት ተሓሕትን ጀብሃን

"ንወዲ 40 ዓመት ዶ ወዲ 20 ዓመት ህፃን ይመኽሮ ... " ጀብሃ

ተሓሕት ብረታዊ ቓልሲ ኣብ ዝጀመረትሉን እስካብ መጀመርታ 1970ታት ዓም ዝነበረ እዋን ጀብሃ ኣብ መሬት ትግራይ ናኣተወት ሰብ ተበሳብስ ነበረት። ንኣብነት ኣብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ሽራሮ፣ ባድመ፣ ገምሃሎ፣ ቢያራ፣ ዓዲ ኣውዓላ፣ ዓዲ ሃገራይ። ኣብ ማእኸላይ ዞባ ኸባቢ ሩባ በለሳ ዝርከቡ ቈሸታት፣ ከለሊዕ፣ በገና፣ ውንጥሐ፣ ገርሁ ስርናይ፣ መባርዲ፣ እንትጮ፣ ራማ። ኣብ ምብራቕ ብዘት፣ ፋፂ፣ ዛላምበሳ፣ ሰበያ፣ ዋርዕትለ፣ ዓይጋ፣ ማይ ጨዓ ወዘተ። ኣብዘም ቦትታት ሓረስቶት ኣበሳቢሶም፣ ጨዊዮም፣ ቐቲሎም፣ ኣእኻልን ጥሪትን መንዚዖም።

ንሱ ጥራይ ኣይነበረን ጀብሃ ናይ ህወሓት መዋፈሪታት እውን ምቅፃል ጀመረት፣ ተዓለምቲ ህወሓትውን ክትወስድ ፈተነት፣ ኣይተሰኽዐላን እምበር (ንኣብነት ኣብ በለሳ)፣ ታሕይ ኣዲያቦ ጥራይ ዘይኮነስ ገለ ኸባቢታት ላዕላይ ኣዲያቦውን ናተይ እዩ በለት። ፀላኢ በዚሑዋ ዝነበረት ተሓሕት ፀላኢ ከይትውስኽ ሰጊኣ ኣንቱም ግድፉ፣ ፀገም እንተሎ ንዘራረብ ፣ ኣፍቲ መሬት ዝነብር ዝነበረ ኤርትራዊ እውን ክትውድቡ ክተቃልሱ መሰል ኣለኩም ብዛዕባ ዶብ ንምውሳን ግን ስልጣን የብልናን ናበለት ብተደጋጋሚ ለመነት፣ ደብዳቤውን ሰደደት። ካፍቶም ብተሓሕት ዝተፅሓፉ ሓደ ደብዳቤ "ተራኺብና ንመኻኸር" ዝብል ናይ ምሕፅንታ ቃል ነይሩዎ። ታሪኻዊ መሰረት ዘይብሉ ብባዶ ትዕቢት ዝተነፍሐት ኹርዓት ጀብሃ እዚ "ንመኻኸር" ዝብል ቃል ቅጬ ኣምጺኡላ ከምዚ ኢላ ፀሓፈት:

*"ንወዲ 40 ዓመት ዶ ወዲ 20 ዓመት ህፃን ይመኽሮ እዩ። ሰብኡት እንተኾይንኩን ኣብኡ ንራኸብ።"*

እዚ ናይ ተሓሕት ምሕፅንታ ሰማዒ ኣይረኸበን። ጀብሃ ኣብ ኢትዮጵያ መንግስቲ ናይ ምኺን ዓቕሚ ዘለዎ ሓይሊ ኢህኣፓ ጥራይ እዩ ኢላ ስለዝኣመነት ንተሓሕት ህልውናኺ ኣጥፊእኺ ኣብ ትሕቲ ኢህኣፓ ተዘይተሓዊስኪ ኣይትነብሪያን ብምባል ብተደጋጋሚ ኹናት መዘዘት፣ በይናን ምስ ኢህኣፓን ብምኺን። ግን እቲ "ወዲ 20 ዓመት ህፃን" ኢሎም ዘባጨዉሉ ነገር ግን ወዲ 4-5 ዓመት ዕድመ ዝነበረ ውድብ ብቐሊሉ ዝቑርጠም ኣይነበረን።

እዚ ከምዚ ኢሉ ናቐጸለ እንዳሃለወ ኣባላት መሪሕነት ጀብሃ ናብ ናይ ህወሓት ሓራ መሬት ኸባቢታት ጥሪት ክምንዝዑ መጺኦም ምስ መለስ ዜናዊን ብፆቱን ተራኺቦም ይብሉ ብሂወት ዘለዉ ወየንቲ። ተጋደልቲ ተሓሕት/ህወሓት ምሕፀንትኦም ኣብ ዘስምዕሉ እዋን ዘተን ፂን ኢልካ ምድማፅን ባህሊ ዘይብሎም ጀብሃ ከፈራርሑዎም ፈተኑ። ኣብዚ እዋን እዩ ነይሩ መለስ "ንሕና ንላዕሊ ክንድይብ ንስኹም ንቑልቁል ክትወርዱ ክንራኸብ ኢና" ኢሉዎም ተፈላለዩ።

ብዓርሰ እምነት ተሓሕት/ህወሓት ዝሓረቐት ጀብሃ መገዲ ጥፍኣት ቐጸለት። ኣብ በለሳ ዝነብረ ናይ ተሓሕት/ህወሓት መዋፈሪ ድማ ኣቃጸለት፣ ኣብ ገምሃሎ ምስ ኢሃፓ ብጥምረት፣ ኣብ ቢያራ በይና ኹናት ወልዐትት ተስዓረትውን። ኣብ ቢያራ ዝተኻየደ ኹናት ጀብሃን ወያነን ኣመልኪቱ ኣፍታ ኹናት ዝወዓለ ወያናይ ፀሃየ መኮነን (ወዲ ደም ዓሳኸ፣ ልዕሊ ዊዳኸ ትርከብ ቑሸት) ከምዚ ዝስዕብ ኢሉኒ፣

> "*ጀብሃ ብትዕቢት ተወጢራ ህዝብና እንተበሳብስን እንትጨዊን፣ ንብረትናን ጥሪትናን እንትምዘዑና ወያነ ደሓን ግደፉዎም ተዓገሱ ይብሉና ነበሩ። ብዙሕ ድማ ኣምረርና ግን ተዓገስና። ጀብሃ ግን ትምሃር ውድብ ኣይነበረትን እሞ ኣብ መወዳእታ ተገዲድና ናብ ኹናት ኣቲና። ጀብሃ ናብ ኸባቢ ዓዲ ኣውዓላን ቢያራን ትምፅእ ኣላ ምስተሰምዐ መምርሒ ወሪዱልና ኣነን ብፆተይን ናብ ቢያራ ክንከላኸል ከይድና። ግን ጀብሃ ቐዲማትና ኣፍቶም ቑሸታት ስለ ዝበጽሐት ልዕልን ትሕቲን ቢያራ ዘለዉ በረኸቲ ሳዕሪ ዝበዝሖም ኩጀታት ዓሪዳትሉ ከምዘላ ሓበሬታ በጽሐና፣ ኮፍ ኢልና ድማ መኺርና። ኣብ ወጋሕታ ኸባቢ ድማ ነቲ ኩጀታት ብኹሉ ኣንፈት ሓዊ መሊስናሉ። ደቂ ጀብሃውን ከም ማንቲለ ናነጥሩ ወጽኡ፣ ንሕናውን ብደምቢ ተቐቢልናዮም። ኹናት ቐጸለ፣ ሓይሊ ወያነና ድማ ሲዒራ እቲ ቦታ ኣብ ኢድና ኣእተውናዮ። ኣነውን ከምቲ ትርኤኒ ዘለኻ ዝወደይ … ሓንቲ ዓይነይ ስኢነ። ኸቢድ እዋን እዩ ነይሩ፣ ሕማቕ ኣሕሊፍና፣ ግን ኣብ መወዳእታ ናይ ኢዶም ረኺቦም።*" ምስበለኒ ነዊሕ ተንፊሱ።

ምስ ፀሓየን ብፆቱን እዚ ዝመስል ወግዒ ናውገዑኒ ኣብ ዓዲ ጋባት (ካብ ሰመማ ንሰሜን፣ ካብ ጨላ ንምዕራብ ኣብ ወሰን መረብ ትርከብ ቑሸት)ሓዊ ናሰሓና ኣምሲናን ሓድርናን። ድሕሪ ወርሒ ክንራኸብ ተሰማሚዕናውን ተፈላሊና፣ ተራኺብና ድማ። ምስ ካሊእ ጋሻ ኮይነ ብእግሪ ናይ ሓደ ሰዓት ከይድና ብዓዲ ማንታ ዘሎ ኣቐብ ደዪብና ደም ዓሳኸ ኣቲና። ወያናይ ጅግና ፀሃየ ኣብ ገዛ የለን፣ ቐብሪ ኸይዱውን ተባሂልና። ግን ኣይጸንሐን ወረ ሰሚዑ መፂኡ። ምስተጋነየና ኮፍ ኣቢሉና ናብ ጎረቤት ከይዱ ደንጕዩና ኣነውን ከፀናጽን

ወጽኤ። "ኣንታ ጋሻ ገዲፍካ ክትወጽእ! እቶባ ምስቲ ጋሻ ኹን፣ መፃኹ እቶ ዝወደይ ኢሉኒ።" ለካ ዘይሓሰቦ ጋሻ ሒዘሉ መጺኤ ተሰኪፉ እንቋቑሖ ጠቢሱ ከብልዐናስ ካብ ጎረባብቲ ክልምን ከይዱ። ኣበይሞ ኩሉ ሰብ ገዛ ዓጺዩ ኣብ ቐብሪ እዩ ዝነበረ። እዚ ምስ ፈለጥኩ ልበይ ተንኪፉኒ፣ ብደገን ብውሽጥን ነቢዐ። ብሓደ ገጽ እቲ ልግስናን ንፅህናን ሓረስታይና፣ ብኻሊእ ድማ ስርዓታት ዝፈጠሩልና ዓሚቕ ድኽነትን ህዝብና ዘሕለፎ መከራን ሓሲበ ሓዚነ፣ ብትብዓቶም ድማ ኾሪዐ። ፅሓየን ብፆቱን ብሂወት ከምዝህልዉ ተስፋ ይገብር።

ብዝኾነ ድሕሪ እዙይ፣ ብፍላይ ድሕሪ በለሳ ምስ ጀብሃ ዝነበረ ነገር ኽሪሩ ስረይ ስረኻ ኾነ። ህወሓት እውን ግብኣተ መሬት ጀብሃ ተዘይኣረጋገፀና ንህልውናና ሓደጋ እዩ ኢላ ኣመነት። ሻዕቢያውን ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክትሸከም ኣይትኽእልን በለ (ሎሚውን ከምኡ ኣሎ)። ክልቲኦም ውድባት ናይ ሓባር ፀላኢ ሓቢርካ ምድምሳስ ኣድላይ ምዃኑ ኣሚኖም ምኽሪ ገበሩ። ድሕሪ እዚ ህወሓት ካብ መሬት ትግራይ ጀሚሩ ናብ ኤርትራውን ብምእታው ካብ ኸባቢ ዓፋር እስካብ እምባ ሶይራ ኣከለጉዛይ፣ ኸባቢ ፆረናን እስካብ ሰፊሕ ሰራየ፣ ንምዕራብውን እስካብ ጋሽ ሰቲትን ባርካን ንጀብሃ እናሃደነት ሓመድ ድበ ኣእተወቶ። ሻዕቢያውን ብወገና ዝነበረ ሓይሊ ጀብሃ ብተመሳሳሊ ፀራረገቶ።

እታ ዝተረፈት ጀብሃ ካብ ሓራ መሬት ናብ ግዝኣት ሱዳን ኣተወት። ሀዚ ምግዳል ዘይኮነስ ኣብ ስደት ኮይንካ ናይ ወያነ ጣልቃ ኣእታዊነት ኣብ ኤርትራ ዝብል ፖለቲካዊ ነፍሒ ቐጸለትሉ። ግን ውጽኢት ኣይነበሮን። እኒደኣስ ብኡ ተረፈት። ሎሚ ኣብ ሪፈረንደም ዘይተኻፈሉ ጀብሃ ነበር "እቶም ገና ናፃ ዘይወጽኡ" ናተብሃለ ይሕጨጩሎም ኣሎ ብደቂ ዓዶም። ትዕቢት መግለጺ ዱንቁርናን መጥፍኢኻውን እዩ።

ክስመረሉን ክዝንተወሉን ዘለዎ ታሪኽ ቓልሲ ህዝብና ከምኒ ፀሃየ መኮነን ዝበሉ ኣሽሓት ወየንቲ ኣያታትን ኣዴታትን ትግራይ ተሓሕት/ህወሓት ዘይስበር ደጀን ኮይኖምዋ ኣጠጢያም ኣዕቢዮምዋውን እዮም። ህዝባዊ ዕላማኣ ከትፍጽም ድማ ንሃለዋታ ዝፈታተኑ ሓይሊታት ኩሎም ክትገጥም ኣቕሚ ፈጢሮምላ። ብምዃኑ ድማ ህዝባ ኣሚና ምስ ኢዲዩ፣ ጠራናፊት፣ ኢህኣፓን ጀብሃን ገጢማ ብዋጋ ዘይትመን መስዋእቲ ምሩፃት ተጋደልታን ወየንታን ከፊላ ሃለዋታ ኣረጋጊፃ እያ። ትዕቢት ጀብሃ ዝፈጠሮ ዘይምቅዳው እውን ኣብ ዘይተደለየ ኹናት በጺሑ "ወዲ 20 ዓመት ህፃን" ሲዒሩ "ንሕና ንላዕሊ ክንድይብ ንስኹም ንቑልቁል ክትወርዱ ክንራኸብ ኢና" ትብል ናይ ጀጋኑ ቃል ሓቂ ኾይና ተፈፀመት። ድሕሪኡማ ግጥም ምስ ደርግ ኮነ።

ኽብሪን ሞገስን ንስዋኣትን ህሉዋትን ጀጋኑ ተጋደልቲን ወየንቲን ትግራይ

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ (ለካቲት 2008 ዓ.ም)